# ብዓለ ጥምቀት

## 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም. (1/19/2023)



*መጸአ ቃል እምደመና ዘይብል ዝንቱ ውእቱ ወልደየ ዘአፈቅር ሎቱ ስምዕዎ*

ንባባት፡ ቲቶ 2፡11-14፥ 3:4-7፥ 1ዮሓ 5፡1-13 ግ.ሓ. 10፡34-39፥ ሉቃ 3፡15-22

ምስባክ፡

1. ርእዩከ ማያት እግዚኦ፥ ርእዩከ ማያት ወፈርሁ፥ ደንገፁ ቀላያተ ማይት ወደምፀ ማይትሆሙ። መዝ. 76፡16

2.ባሕርኒ ርእየት ወጎየት ወዮርዳኖስኒ ገብአ ድኅረሁ አድባር አንፈርዕፁ ከም ሓራጊት። መዝ.113፡34

መዝሙር:ሖረ ኢየሱስ በትፍሥሕት ውስተ ከብካብ...ኢየሱስ አብ ማእከል ሕዝቢ ተአምራትን ድንቂ ነገራትን እናገበረ ናብ መርዓ ተሓጒሱ ከደ ክብሩ ነርድእቱ ገለጸ ንሳቶም ከአ ብአኡ አመኑ፥ በቲ ብአምላኽ ዝተዋህበ በረኸት እቲ አቦ ዳስ አድነቖ ወዲ አምላኽ ተስፋናን በጃናን ኮነ፥ ካባና ስዉር እንከሎ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ለወጦ ይብል።

ዘመነ አስተርእዮ ኢና ዘሎና እዚ ኸአ ብፍሉይ ንጥምቀት እዩ ዘስምዕ ምኽንያቱ ኸአ ኅይታና ክብሪ መለኮቱ አብ ጥምቀቱ ስለ ዝገለጸልና። ዘመን አስተርእዮ 5 ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ።

እዚ እዋን ድርብ ብዓላት እነብዕለሉ ጊዜ እዩ፥ ማለት ጥምቀት፥ ቃና ዘገሊላ፥ ክብረ ብዓል ቅዱስ ሚካኤል አብ ከረን፥ እዚ ኹሉ ምስ አምላኽ ዘሎና ርክብ ሓቀኛ መልክዑ ሒዙ ሰላም ፍቕሪ ሓጎስ ለቢስና ክንጉዓዝ ምእንቲ እዩ። ናይ ኢየሱስ ጥምቀት እንታይ እዩ? ጥምቀት እንታይ ማለት እዩ እንታይከ ይጠቕመና፥ እንታይ ፍሉይ መልእኽት የዘኻኽረና ኢልና ክንስተንትን የድሊ።

ጥምቀት ኢየሱስ አምላኽ ብርእሱ ባጎርና ለቢሱ አብ መንጎና ዝሓደረሉ ብዓቢ ተገልጾ አብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝተፈጸመ እሞ ንነፍስወከፍና ፍሉይ ትእምርቲ ከምዝሃበና ዘዘኻኽር እዩ። አምላኽ አብ መንጎና ብፍሉይ መንገዲ ሓዲሩ ተገሊጹና፥ እዚ ግልጸት አስተርእዮ ንብሎ። ሰለስተ ተገልጾታት ብፍሉይ ንዝክር፥ (1) ልደት፡ ኢየሱስ አብ መብልዕ ማል አብ ቤተልሔም ምስ ተወልደ ተገሊጹና። ነዚ ቀዳማይ ግልጸት ክርእዩ ዝተዓደሙ ንኹሎም ድኻታት፥ ኃጢአተኛታት፥ ንኹሎም ብትሑት ዓይኒ ዝርአዩ ወኪሎም ዝመጸ እቶም ሕያዎት ጓሶት እዮም። እዚ ቀዳማይ አስተርእዮ ይብሃል። (2) ኢየሱስ ምስ ተወልደ ንኹሉ ዓለም ክግለጽ እዩ መጺኡ። ማቴዎስ ወንጌላዊ ነዚ ከረድአና ኢሉ ነቶም ሰለስተ ፈላጣት ካብ ርሑቕ ምስራቕ ዝመጹ ሰብአ ሰገል ከም ዝተገልጸ የዘንትወልና። (3) ናይ አምላኽ ህላዌ አብ መንጎና ብኢየሱስ አቢሉ እዩ፥ እዚ አብ አርባዕቲኦም ወንጌላውያን ተገሊጹ ንረኽቦ። እዞም ክልተ ቀዳሞት ግልጸታት ምስ ልደት ኢየሱስ ክተሓሓዙ እንከለዉ እዚ ሳልሳይ ግልጸት ግን ድሒሩ ዝመጸ ስብከቱ አብ ጊዜ ምጅማር እዩ ተገሊጹ ማለት አብ ጊዜ ጥምቀቱ ብዮውሓንስ።

ኣብ ትንቢተ ኢሳያስ 40፡1-11 ዘሎ እንተ ኣንበብና ናይ ተስፋን ምጽንናዕን ንህዝበ ኣምላኽ ዝተዋህበ ንርኢ። ትንቢት ኢሳያስ ብምልኡ ንክርስቶስ እዩ ዘመልክት ንሱ እቲ ቅቡእ ኣምላኽ ክንሓዊ ኢሉ ኣብ መንጎና ዘሎ፥ ብዝያዳ ምስኡ ዘሎና ርክብ ከጽንዕን ሰላምና ክሐድስን ኢሉ ምሳና ዘሎ እዩ። ኢሳያስ ከምዚ እናበለ ይገልጸ ንሕዝበይ ኣጸናንዑ እወ ንሕዝበይ ኣጸናንዑ . . . . . ነቶም ዝተበጀዎም ሕዝቢ ጊዜ ብኃይሊ ኺገዝእ ይመጽእ ኣሎ፥ ንሱ ንመጓሰኡ ኸም ጓሳ ይከናኸነን ንዕያውቱ ኣኪቡ ኣብ ሕቝፉ ይስከመን ነተን ዜጥብዋ ድማ ብህድኣት ይመርሐን ይብል። እዚ እዩ እቲ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተቐብኣሉ፥ ኣብ ጊዜ ጥምቀቱ ብኣምሳል ርግቢት ኣብ ልዕሊኡ ወሪዱ ንኣገልግሎት ክወፍር ዝተዋህቦ።

ቅ. ጳውሎስ ኣብ ቲቶ ዝጸሓፋ (2፡11-14) ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ዘይኮነስ ብምሕረቱ ማለት በቲ ኻልኣይ ልደት ዚህብ ምሕጻብን ብመንፈስ ቅዱስ ብምሕዳስን ኣድኃነና፥ ብጸጋኡ ጸዲቕና ብተስፋ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ወረስቲ ምእንቲ ኽንከውን ብመድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ገይሩ ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕለና ኣብዚሑ ኣፍሰሶ (ቲቶ 2፡5-7) ይብለና። ክርስቶስ ብጥምቀቱ ንኣና መንጪ ጸጋ ጥምቀት ቀደሰልናን ከፈተልናን። ብጥምቀቱ ገሩ ኸአ ጉዕዞ ድሕነትና ጀመሮ። ኣብ ክርስቶስ ብምጥማቕና ኣብ ናይ ድሕነት መስርሕ ተቐባልነት ረኺብና።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ እግዚኣብሔር ኣብ ብኣኻ ዝተሓጎስኩ ፍቁር ወደይ ንስኻ ኢኻ እናበለ ክዛረብ ተሰምዐ። ኣብዚ ጥምቀት ኣምላኽ ንክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ኣጠሚቕዎ ኣብ ተልእክኡ ምሕረትን ሰላምን ኣብ ኵሎም ህዝቢ ከምጽእ ኸአ ኣበጊስዎ። ክርስቶስ ተልእኮኡ ክጅምርን ብግዚኡ ንዝነበረ ስርዓት ክፍጽምን ንኣና ፍሉይ ጥቕሚ ምስጢረ ጥምቀት ከረድኣናን ኢሉ እዩ ተጠሚቑ እምበር ግድን ዘድልዮ ኮይኑ ኣይኮነን፥ ምኽንያት ኣብኡ ዝኾነ ናይ ኣዳም ኃጢኣት ሳዕበን ኣይርከበን ስለዚ ጥምቀት ዮሓንስ ይኹን ካልእ ኣየድልዮን እዩ ነሩ። ንኣና ግን የድልየና ምኽንያቱ ብጸጋ ጥምቀት ኢና ካብቲ ካብ ኣቦና ኣዳም ዝወረስናዮ ኃጢኣት እንነጽሕ። ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን ነዚ ክገልጽ እንክሎ፥ ክርስቶስ ብዘይካ ኃጢኣት ብኹሉ ንኣና መሰለ ይብል (ዕብ 4፡15)።

ኣዕሙቕ ኣቢልና እንተ ርኣና እንታይ እዩ ምስጢር ጥምቀት ኢየሱስ ኢልና ክነስተንትን ግቡእ እዩ። ኢየሱስ ክጥመቅ ዝደለየሉ ምኽንያት ንሱ ብዘይካ ኃጢኣት ብምልኡ ንኣና ከም ዝመሰለ እሞ ኣባልና ከም ዝኾነ ከረድኣና ኢሉ እዩ። ብኹሉ ብዘይካ ኃጠኣት ንኣና መሲሉ ቀሪቡና። እቲ ኣምላኽ ንኣና ብዝቕረበ መገዲ ክቐርበና ዝደለዮ መንገዲ በቲ ዝተሓተ ንኣና መሲሉ ቀሪቡና። ንሱ ንኣና ንኃጣን መታን ክመልስ ኢሉ ንርእሱ ኣዋረደ ኣብ መጨረሽታ ከአ ኣብ መስቀል ብዘሕፍር ሞት መይቱ ደቂ ሰማይ ገሩና።

ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝኾነ ነገር ክንርዳእ እንተኾና ልዕሊ እቲ ኣብኡ ዝተፈጸመ ማለት ጥምቀት ክንሓስብ ኣሎና። ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝተፈጸመ ነገር ዘርእየና ኢየሱስ ብምሉእ ሰማያዊ ኣብኡ ከም ዝተቐበሎን ከም ዘጽደቖን እዩ። ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ኢየሱስ ብሰማያዊ ኣብኡ ንተልእኮ ከም ዝተበገሰ ንርኢ። ኣብዚ ምሉእ ሓላፍነት ካብ ሰማያዊ ኣብኡ ከም ዝተቐበል ንርኢ። ካብቲ ማይ ክወጽእ እንከሎ ሰማያት ተኸፍቱ መንፈስ ኣምላኽ ከአ ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ወረደ፡ እዚ ዘፈቅሮ ወደይ እዩ ብኣኡ ዝሰመርኩ ዝብል ቃል ከአ ተሰምዐ። እዚ ናይ ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ምቕባል እዩ ክንብሎ ንኽእል። እቶም ብዓይኒ እምነት ዝርእዩ ጥራሕ ክርእይዎ ዝኽእሉ። ንሕና እውን ኣብ ጊዜ ጥምቀትና ነዚ ጸጋ ኢና ተቐቢልና።

ኣብ ግ.ሓ. ጴጥሮስ ንቀርኔለዎስ ነቲ መጀመርያ ካብ ኣረማውያን ዝኣመነ ከጠምቐን ብዝዕባ ኢየሱስ ክዛረቦ እንክሎ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስን ኣኃይልን ቀብኦ ይብል። ኣብዚ እቲ ቕብኣት

ብማይ እምበር ብዘይቲ ከም ዘይኮነ ንርኢ። አብዚ ቅብአት እዚ ኢየሱስ ንጉሥን ጎይታን ከም ዝኾነ ንርኢ። ክርስቶስ ዝብል ስም ንቕብአቱ እዩ ዘመልክት ትርጉሙ ኸአ እቲ ቕቡእ ማለት ኮይኑ ብዕብራይስጢ መስሕ ዝብል እዩ። እዚ ኹሉ ኢየሱስ ንተልእኮ ቅድሚ ምውፋሩ ዝተገብረ ስርዓት አብ ዝተፈጸመሉ ጊዜ ዝኾነ እዩ።

አብ ትንቢት ኢሳይያስ 42፡1-7 ዘሎ አነጻጺርና እንተ ረኤና ምስ ምስጢር ጥምቀት ኢየሱስ ዝሰማማዕ መግልጺ ንርኢ አነ ዝኃረኽዎ ብእኡኸአ ባህ ዝብለኒ ዝድግፎ ባርያይ እንሆ መንፈሰይ አብኡ አንዲረ አሎኹ ዝብል ነንብብ። ነዚ ናይ ኢሳያስ ትንቢት ምስ ናይ ኢየሱስ ተልእኮ ከምዚ ዝስዕብ ገርና መቒልና ክንርእዮ ንኽእል።

- አይክጭድርን ድምፁ ዓው አቢሉ አብ አደባባይ አይክስማዕን እዩ።
- ጭፍሎቕ ሻንብቆ አይክሰብርን ኪጠፍእ ደልዩ ዚተክኽ ጧፍ ድማ አይኬጥፍእን እዩ።
- ፍትሒ አብ ምድሪ ክሳብ ዝምስርት ኃይሉ አይሓምቕን አይሕለልን. . . . ።
- አነ ጸዋዕኩኻ አብ መድሪ ፍትሒ ምእንቲ ኽትገብር ከአ ኃይሊ ሃብኩኻ።
- ብርሃን አሕዛብ ክትከውን ሓረኹኻ፥ ንስኻ ኸአ አዒንቲ ዕዉራት ክትከፍትን ንእሱራት ካብ ቤት ማእሰርቲ ነቶም አብ ጸልማት ተአሲሮም ዚነብሩ ኸአ ኻብ ማእሰርቶም ከተውፅአም ኢኻ።

እዘን አብ መጨርሽታ ዘለዋ ቃላት ኢየሱስ አብ ናዝሬት አብ ዓዱ አብ ቤተ ጸሎት አይሁድ አብ ሉቃስ 4፡18-19 ክደግሞ ንርኢ። እዚ ኹሉ ብግሩህ መንገዲ አብ ሩባ ዮርዳኖስ ክፍጸም ንርእዮ። እዚ ዓቢ ግለጸት አምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ንጉሥናን ጎይታናን አብ መንጎና ምስ ኃደረ ክዉን ኮነ።

ጥምቀት ክርስቶስ ክንዝክር እንከሎና እምብአር ናይ ነፍስ ወከፍና ጥምቀት ምስቲ ናይ ኢየሱስ ዘልኦ ርክብን ክነስተንት ትርጉሙ ፈሊጥና ዳግም ክንሕድሶ ንማለት እዩ። አብ ትምህርተ ክርስቶስ ከም ዝተመሃርናዮ ጥምቀት ናይ አቦና አዳም ኃጢአት የጥፍአልና ደቂ እግዚአብሔር ከአ ይገብረና። ብፍላይ ሕፃናት ካብ ወለዲ ዝተወርሰ ኃጢአት ብቕጽበት ከንጽሖም እንከሎ እሞ ሓንሳብ ምስ ነጽሑ ካብአታቶም ዝሕተት ዘይብሎም ይኾኑ ንሓዲስ ሕይወት አብ ክርስቶስን አብ ማሕበሩን ይአትዉ።

አብ ገለ ክፍሊ ዓለማት ብፍላይ አብተን ብሃብቲ ርእሰን ዝኸአላ ክርስትና ደኺሙ ሃብቲ ዓለምን ዛሕሊ መንፈስን ዛሕሊ አብ ዘሎ እዋን ገለ ክርስትንአም ክኽሕዱ ገለ ኸአ ነቲ ብንእስነቶም ዝተቐበልዎ ጥምቀት ክንጸጉ ንርኢ። ካቶሊካውያን ምኺኖም ዝነጽጉ ንርኢ። እንተኾነ ክትርድኦ ጽጉም እዩ ክርስትና ትርጉም ሕይወትካ ዝህበካ ኩሉ ሕይወትካ ሕጉስ ክትከውን ቅኑዕ መንገዲ ዝሕብረካ ከንሱ ሰባት ንግጉይ መገዲ ይመርጹ። ንሕና ሓቀኛ ትርጉም ጥምቀትና እንተ ተረዳእና እዚ ጨሪሹ አይምኾነን።

ጥምቀት ከም ኩሎም ምስጢራት ፈሊኻ ዝርአ አብ ሓደ ፍሉይ ክፍሊ ሕይወትና ዝርአ አይኮነን። ክንተመቕ ከሎና ንምሉኡ ሕይወትና አሰንዩ ዝኸይድ ጸጋ ከም ዘልብሰና ብምእማን እዩ። ንሕና ሕፃናት ከሎና ይኹን ምስ ዓበና ይኹን ዝህበና ጸጋ ሓደ እዩ ንሱ ኸአ ብምሉእ ምስ ማሕበር ቤተክርስትያን አባላት ንኽውን። ተቐበልቲ ጥራሕ ዘይኮነ አብ ኩሉ እጃምና ነበርክት። ጥምቀት ብዘይድላይና ዝተዋህበና ብሓይሊ ዝተገብረልና ጉዳይ አይኮነን። በዚ ምኽንያት እዩ ብፍላይ

ነቶም ምስ ዓበዩ ዝጥመቑ ነዊሕ ምስንዳውን ምምሃርን ምፍላጥን ዘድልዮም። ከምኡ ድሕሪ ጥምቀት እውን ቀጻሊ ትምህርንት መግለጽን በብእዋኑ ዝውሃብ። በዚ ኢና ጥምቀት ኣብ ቅድሚ ምሉእ ማሕብር ቤተክርስትያን እንፍጽሞ። ናይ ኣቦና ኣዳም ኃጢኣት ብገለ መንፈሳዊ ኣንብሮ ኢድ ወይ ብገለ ተኣምራታዊ ቃላት ብምድጋም ኣይ ኮነንን ዝጠፍእ ብጥምቀት እዩ ዝጠፍእ።

ጥምቀት ክሕግዘና እንተኾነ ኩሉ ጊዜ ምስ ከማና ዝበሉ ሰባት ዝተኣሳሰረ ጥቕሚ ክህልወና ኣልኦ። ጥምቀት ምስ ማሕበረ ዘየራኽብ እንተኾነ ቤተክርስትያን ሱቕ ኢላ ኣይትህበናን እያ። ጥምቀት ምስ ካልኦት ርክብ ክህልወና ከሎ ጥራሕ ኢና ክንቅበሎ እንኽእል። ጥምቀትና ልክዕ ከምቲ ናይ ኢየሱስ እምነትና ምስ ካልኦት ክንካፈሎ ማለት ብቓልን ብኣብነትን ክነተግብሮ ኣሎና። እዚ ክንገብር ካብቲ ንሰውነትና ካብ ኃጢኣት ክንከላኸል እነጥፍኦ ሓይሊ ንላዕሊ ክኸውን ይኽእል።

ሕርየትና ሕያው መሰኻኽር ወንጌል ክንከውን፥ ናይ ዓለም ጨው ክንከውን፥ኣብ ጎቦ ዝተደኮነት ከተማ ክንከውን፥ ሽምዓ ኮና ኣብ ከባቢና ዘሎ ጸልማት ብብርሃን ክንኩልዖ፥ ምስኩሎም ማህበር ክርስቶስ ኮና ብሓደ መንግስቲ ኣምላኽ ክነቕውም እዩ። ነዚ ኣዕሙቕ ኣቢልና እንተ ሓሰብናሉ ዘሎናዮ ዘመን ብፍላይ ክርስትያን ወላ እውን ደቂ ሓደ እምነትን ዓድን ነነድሕዶም ጨካኔ ብዝመልኦ ክጣፍኡን ክጸልኡን ክትርኢ ከሎኻ ኣብ ሕልናኻ ምልክት ሕቶን ብሓቂ ዘሰክፍን ኩነት ይፈጥር። ብጥምቀት ዝለበስናዮ ሓላፍነትን ጸጋን ንጸጋም ሓዲግና ልኡኻት ሰይጣንን መሳርሕቱን ኮና ኣሎና። ስለዚ ኣብ ልብና ኣብቲ ብጥምቀት ዝኣቶናዮ ማሕላ ንመለስ። እዚ ካብ ኢሳያስ 42 ዝጠቐስናዮ ንኢየሱስ ይኹን እምበር ዘመልክቶ ንነፍስወከፍና እውን ይምልከት እዩ። ጥምቀትና ሓደ ጊዜ ዝተወሃብናዮ ኣብ መዝገብ ጥምቀት ተመዝጊቡ ዝተርፍ ኣይኮነን፥ ሕያው ነገር ብቐጻሊ ክዓሙቕን ክህብትምን ዘልኦ ጉዳይ እዩ።

ሎሚ ልብና ንሰማያዊ ኣቦና ከፊትና ናብኡ ንጠምት እሞ እተን ንኢየሱስ እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ ብኣኡ ኣጸቢቐ ዝተሓጎስኩ ዝብላ ኣብ ነፍስወከፍና ክድገማ። ጥምቀት ንሓዲስ ጉዕዞ መንፈስ ክንክተል እሞ ንስብከተ ወንጌል ክንወፍር ሓዲስ ሓይሊ ዝህበና እዩ እሞ ኩልና ብሓደ ኣሜን ከምኡ ይግበረልና ንበሎ።

ብሩኽ ብዓለ ጥምቀት ንኹልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ